*<u>መስዋእቲ ኣብ ቃልሲ ንቡር'ዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ንዝኾነ ስርዓት ከተወግድ ዘይምብቃዕ ግን</u>*

*<u>ስቓይን መስዋእትን ክቕጽል ዝገብር ስለ ዝኾነ ዘይንቡር'ዩ።</u>*

*ወጽዓ ክሳብ ዝሃለወ ቃልሲ ክህሉ፡ ቃልሲ ክሳብ ዝሃለወ ድማ መስዋእቲ ክህሉ ባህሪያውን ንብሩን'ዩ። ህዝብታት ኤርትራ ምእንቲ ነጻነቶምን ሓርነቶምን ክብሉ ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ዝኸውን ኣንጻር ተኸታተልቲ ባዕዳውያን ገዛእቲ ተቓሊሶም ሰፍ ዘይብል ከቢድ መስዋእቲ ከፊሎም፡ ዕላማታቶም መሊኦም ከዐውቱ'ኳ እንተዘይከኣሉ፡ ተራ ሃገራዊ ነጻነት ግን ኣረጋጊጾም'ዮም። ነጻን ልኡላዊት ሃገር ምህላው ንባዕሉ ድማ ሓደ ስጉምቲ ንቕድሚት'ዩ። እዚ ይኹን ደኣምበር፡ እቲ ህዝብታት ኤርትራ ዝተበገሰሉ ዕላማ፡ መሊኡ ሽቶኡ ኣብ ዘይወቕዓሉ፡ ቃልሲ ኣንጻር ዘቤታዊ መላኺ ስርዓት ህግደፍ ክቕጽል ባህሪያዊ'ዩ። ከምኡ ስለ ዝኾነ ከኣ'ዩ፡ እቲ ቃልሲ ቀጺሉ። ርብዒ ዘመን ሓሊፉ ቃልስን መስዋእትን ይቕጽል ኣሎ። እቲ ዝድለ ህዝባዊ ዓወት ግን ገና ኣይተረጋገጸን።*

*ኣብ ነፍስ ወከፍ መስዋእቲ ዘጋጠመሉ ወቕቲ፡ እቲ መስዋእቲ ዘጋጠሞ ውድብ ናይ ሓዘን መግለጺታት፡ በቲ ውድብን መሓዙት ተቓለስቲ ውድባትን ይወጽእ። ጽቡቕ ዕድል እንተኣጋጢምዎ ከኣ፡ እቲ መስዋእቲ ዘጋጠሞ ውድብ ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ይገብር። ናይ ቀረባ ቤተ-ሰብን መሓዙት ተቓለስትን ተኣኻኺቦም ሓዘኖም ብምረትን ብሕራነን ታሪኽ ህይወት ስውእ ብጻዮም እናዘከሩ ልሉይ ውዕሎታቱ ይገልጹ። ኣብ'ዚ እቲ ዘይንቡርን ዘገርምን ጉዳይ፡ ጨካን ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ኣብ'ቲ ልዕሊ ርብዒ ዘመን ዝወሰደን ገና ዝቕጽል ዘሎ ጸረ-ህዝቢ ምሕደራኡ፡ ነቶም ምእንቲ ነጻነትን ሓርነትን ዝተቓለሱን ህይወቶም ዝበጀውን ሓርበኛታት ተቓለስቲ ሃገራውያን ኣብ'ታ ዕትብቶም ዝተቐብረላን ምእንተኣ ደሞም ዘፍሰሱላን ዝተሰውኡላን ክብርቲ ሃገሮም ሓመድ ኣዳም ክለስብ ዘይፈቅድ፡ ጨካን ኣርሜናዊ ስርዓት ብቐጻሊ ይገዝእ ምህላው'ዩ ሓደ ካብ'ቲ ዘሕዝን ተርእዮ። እሞ ክሳብ መዓስ'ዩ እቲ ኩነታት ከም'ዚ ኢሉ ክቕጽል።*

*ልዕሊ ፍርቂ ዘመን ህይወቶም ንቃልሲ ዝበጀው ሓርበኛታት ተቓለስቲ ንመቓብር ትኸውን ጭራም መሬት ተነፊጋቶም ኣብ ፎቖዶ ናይ ስደት ሃገራት ዛሕዛሕ ኢሎም ክቕበሩ ጸኒሖም። ኣብ'ዚ ውሽጢ ክልተ ቕነ ዘይመልእ ግዜ ጥራሕ ድማ ምሉእ ዕድሜኦም ኣብ ቃልሲ ዘይሕለፉ ሓርበኛታት ተቓለስቲ ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም፣ ስሌማን ኣደም ስሌማን፣ ኣቡበከር ስሌማን ኢድሪስን ናይ ሓዘን ስነ-ስርዓት ኣካይድናን ኣፋኒናን። ቅድሚኦም ከኣ ክንደይ ሓርበኛታት በብግዜኡ ኣፊኒና ኢና።*

*መስዋእቲ ኣብ ቃልሲ ንቡር'ዩ። እቲ ዘይንቡር፡ ዘይቅኑዕን ዘይሕዝንን ዝኸውን ግን፡ ነዚ ጠንቂ ናይ'ዚ ኩሉ መስዋእቲ ዝኾነ ጨፍጫፊ ገባቲ መላኺ ስርዓት ህግደፍ በቒዕካን ተወሃሂድካን ዘይምውጋዱን እዚ ሕጂ ኣብ ስደት ዘጋጥመና ዘሎ መስዋእቲ ባህሪያዊ ቦትኡ ሒዙ፡ ኣብ'ታ ዝፍትውዋ ሃገሮምን መረበቶምን ክፍጸም ዘይምግባር'ዩ። በዓቢኡ ኸኣ እቲ ኣብ ስቓይ ዝነብር ዘሎ ሕብረተ-ሰብና ብኣግኡ ካብ'ዚ ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ከነናግፎ ዘይምኽኣልና'ዩ እቲ ሕመቕ።*

*ስውእ ብዓቕሙ እታ ዝኽእላ ኣበርኪቱ ባህግታቱ ከይተማለአ እቲ ዝተረፈ ሸኽም ንዝሰዓቡ ብጾቱ ገዲፉ ይሓልፍ ኣሎ። እቲ ተቓላሳይ ብመስዋእቲ ምሕላፉ ዘሕዝን'ኳ እንተኾነ እቲ ዝዓበየ ግን እቲ ንሱ ዝወደቐሉ ዕላማ ሽቶኡ ከይሃረመ ከም'ዚ ኢሉ ንነዊሕ ዓመታት መዕረፊ ዘይብሉ ክቕጽል እንክሎ'ዩ። ስለዚ ከኣ ካብ'ዚ እነካይዶ ዘለና ናይ ሓዘን ስነ ስርዓት ክንመሃሮን ክንቀስሞን ዘለና ትምህርቲ ምስ ዝህሉ፡ እቲ ከምኡ ክኸውን ዝገብር ዘሎ ዋላ'ኳ ብቐንዱ እቲ ጨቋኒ ስርዓት እንተኾነ፡ ብወሳኒ ግን ናትና በዓል ቤታዊ ሕመቕ ምዃኑ ክንቅበል ኣለና። ካልኣዊ ፍልልያትና ካላኣዊ ቦታ ኣትሒዝና ብስልጡን ደሞክራስያዊ ኣገባብ ኣመሓዲርና፡ ካብ ፖለቲካዊ ድሕረትን ድሑር ሕብረተ-ሰብኣዊ ሕማማትን ማለት ትምክሕትን ጽበትን ተላቒቕና፡*

ተላዚብናን ተወሃሂድናን ኣብ ክሊ ዘሰማምዑና እዋናዊ ሃገራዊ ጉዳያት ሓቢርና ክንሰርሕ ኣለና። ከምኡ ምስ እንገብር ከኣ ኢና ንስርዓት ህግደፍ ቀልጢፍና ብምውጋድ ህዝብን ሃገርን ካብ ምብትታን ክነድሕን እንኽእል።

እዚ ከኣ እናተነዓዓቕካን እናተነጻጸግካን ዘይኮነስ፡ ኣፍልጦ ተወሃሂብካ፡ እናተኸባበርካን እናተሓጋገዝካን ኣብ ዘይመሰረታዊ ጉዳያት ሕድገታት እናገበርካ፡ ተቐራሪብካ፡ ተደማሚጽካን ተኣማሚንካን ሓቢርካ ብምስራሕ ዝረጋገጽ ደኣምበር፡ ብባዕላዊ ድሌታትን ብህግታትን ጥራሕ ዝፍጸም ኣይከውንን'ዩ። ምስ እንሓብርን እንከባበርን ድማ'ዩም ስውኣትና ኣብ ሃገሮም ምስ ናይ ቀረባ ቤተሰቦምን ስለኡ ዝተቓለስሉ ህዝቦምን ንቡር ናይ ቀብሪ ሰነ-ስርዓት ዝረኽቡን ዝቐስኑን። ስለዚ ንሕና እቶም ህልዋት ተቓለስቲ ውሽጣዊ ጸገማትና ኣሊና ኣብ ሓደ ናይ ሓባር ግንባር ተጠሚርና ንጨካን ጸረ-ህዝቢ ስርዓት ህግደፍ ክነውግዶ እንተበቒዕና ጥራሕ'ዩ ህዝብና ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ስቓይ ዝገላገልን ስውኣትና ኣብ ሃገሮም ብኽብሪ ዝቕበሩን።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ 17-02-2017